21/12/2008

# ዓመታዊ ክብረ በዓል ደብረ ቅዱስ ሚካኤል ባምቢ

ሓለዋን ኣማልድነትን ቅዱስ ሚካኤል የጽልለና እናበልኩ ኩሉ ሠናያት ናይ ዘመነ ምጽኣት እምነ።

ብጸጋ እግዚኣብሔር ሎሚ ዓመት'ውን "ብካቶሊካውያን ጳጳሳት ኤርትራ ተኣዊጁልና ዘሎ ጸሎተ ምህለላ ዘማርያም ምእንቲ ሰላም ኣብ እነዕርገሉ ዘሎና ዘመነ ምጽኣት"፡ ዓ መታዊ ክብረ በዓል ደብረ ቅዱስ ሚካኤል ባምቢ፡ ሰንበት ዕለት 12 ታሕሳስ 2001ግ ብዓ ብ ተኸቢሩ። ቀዳም 4፡30 ድ.ቀ ሚሩ ክሳብ 7፡00 ድ.ቀ. ብካህናትን፡ ያረዳውያንን፡ ተማሃርቲ ዘርኣ ክህነትን ዝተመርሔ፡ ቡራኬ ዘልዎ ጸሎተ ዋዜማ ዓ ሪጉ።

ማኅሌት ዘሌሊት ሰንበት ሰዓት 3፡00 ቅ.ቀ. ተደዊሉ ካብ 3፡30 ክሳብ 6፡00 ቅ.ቀ. ጸሎተ ስብሓተ ሌሊት ቀጺሉ። ልኪዕ 6፡00 ቅ.ቀ. ሚሮም ብፁዕ ኣቡነ ኪዳነማርያም ብኣርባዕተ ካህናት ተማእኪሎም፡ ብዙሓት መፍቀርቲ ሊቀ መላእክቲ ቅዱስ ሚካኤል፡ ካብ ዝተፈላለያ ከባቢ ዓድታት፡ ዓበይትን መንእሰያትን ነጋድያን ዝተሳተፍዎ፡ ጸሎተ መስዋዕተ ቅዳሴ ኣዕረጉ። ድሕሪ መስዋዕተ ቅዳሴ ሰዓት 8፡30 ቅ.ቀ. ዑድት ተገብረ።

ድሕሪ ዑደት ብፁዕ ኣቡነ ኪዳነማርያም "ኣመንቲ ቅዱስ ሚካኤል፡ ብዕለታዊ ሕይወትናን፡ ብፍቅሪ ሓድሕድን ሕውነትን፡ እንነብርን ምሕረት ንገብርን ምሕረት ንቅበልን ኪንከውን" ዝብል ሓሳብ ዘማእከለ ብሓቂ ንመንፈሳውነት ነጋድያን ዘንቀሳቅሰ ቃለ እግዚኣብሔር ኣስሚዖም። ቀጺሎም ዘሎናዮ ዓመት፡ ዓመተ ቅዱስ ጳውሎስ ከምዝከፆ ብምዝክዐ፡ እግኤዚኣብሔር ንቤተክርስትያንን ንምእምናናን፡ ብቅዱስ ጳውሎስ ዝተዋህባ ጸጋ ከነስተንትንን፡ ከምቲ ቅዱስ ጳውሎስ ብጸጋ እዚኣብሔር፡ ካብ መሳደዲ ቤተክስትያን፡ ናብ ሰባኪዐ ወንጌል መንግሥቲ ኣምላኪዐ ዝተለወጠ ከኣ፡ ንሕና በዚ ዓመተ ጸጋ እዚ ኪንልወጥን ኪንሕደስን፡ ከምዝግበኣና ኣተሓሳሲቦም።

ብካልእ ከም ልሙድ "ብማሕበር ልኡካን ላዛሪስት ዘቅዱስ ቪንቸንስዮ" ዓመት ዓመት ኣብ ቁምስናታት ዝግበር ሓዋርያዊ ምንቅቃሕ (ስብከተ ወንጌል)፡ ሎሚ ዓመት ቈምስና ቅዱስ ሚካኤል ባምቢ፡ ኣብዚ ዘመነ ምጽኣት ካብተን ነዚ ዕድል እዚ ዝረከባ ቈምስናታት ብምኳን፡ እዚ ጸጋ እዚ ንልደት መቀራረብን፡ ብንሥሓን ዕርቅን፡ ምምሕሓርን፡ ብእምነት እንድልድለሉ፡ ዕድመን መጸዋዕታን፡ ከምዝከፆ ኪንሓስበሉን ኪንጥቀመሉን ሓደራ ኢሎም።

ቀጺሎም ኣብዚ ከቢድ እዋንን ዘመንን፡ እግዚኣብሔር ሰላምን ራህዋን ፍቅሪ ሓድሕድን ኪህበና፡ ጸሎትናን ምህልላናን ብኣማልድነት ቅዱስ ሚካኤል ሊቀ መላእክትን፡ ቅዱስ ጳውሎስ ሓዋርያን ናብ እግዚኣብሔር ኣቦ ነዕርግ፡ ብምባል ቃል ማዕዳኦም ኣመሓላለፉ። ብእዚኦታን ቡራኬ ጳጳስን ከኣ ፈጸሙ።
ኣብ መፈጸምታ ብመንእሰያት ደብረ ቅዱስ ሚካኤል ባምቢ ግጥምታትን ሓጺር ትምህርቲ ሓዘል ተዋስኦን ተገብረ፡ በዚ ከኣ ናይ በዓሉ ፍጻሜ ኰነ።

## በከመ በኩሉ ይሴባሕ እግዚኣብሔር!!!

ኣባ ሰምሃራይ ዘርኣሥላሴ (ሀ/ቀ)